ብዛዕባ ክታበት ጸረ ሮታ ቫይረስ

# ንኽትፈልጦ ጽቡቕ ዝኾነ

Folkhälsomyndigheten

ረኽሲ ሮታ ቫይረስ ንናእሽቱ ህጻናት ከቢድ ክኸውን ዝኽእል ኣዚዩ ተላባዒ ሕማም ከስዐ እዩ። ክታበት ነቲ ቈልዓ ካብ'ዚ ሕማም ትከላኸለሉ እቲ ዝበለጸ ውጺኢታዊ መንገዲ እዩ።

ረኽሲ ሮታ ቫይረስ ንሓያሎ መዓልታት ዝጸንሕ ተምላስን ብርቱዕ ውጽኣትን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ንኣሽቱ ቈልዑ ብዙሕ ፈሳሲ ከጥፍኡን ጉድለት ኣካላዊ ጠሊ ከጋጥሞምን ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ህጻን ኣብ ሆስፒታል ክንክን ከድልዮ ይኽእል እዩ። እዚ ሕማም መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ካብ ክልተ ዓመት ዝንእሱ ህጻናት ዝኸበደ እዩ።

ዳርጋ ኲሎም ዘይተኸተቡ ቈልዑ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ምምልኦም ብሓደ ወይ ብሓያሎ ረኽሲ ሮታ ቫይረስ ይጥቅዑ እዮም።



እቲ ክታበት ኣብ ኣፍ ከም ነጠብጣብ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ምቁር ጣዕሚ ኣለዎ።

## እዚ ቫይረስ ብቐሊሉ እዩ ዝዝርጋሕ

ሮታ ቫይረስ ብቐሊሉ ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ በእዳው፡ ብኣፍ፡ ብቺቸቶን መጻወትን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። እዳውን ካልእ ነገራትን ምሕጻብ ንምሕማምን ነቲ ለብዒ ምዝርጋሕን ዘሎ ሓደጋ ክንክዮ ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር ነቲ ለብዒ ምሉእ ብምሉእ ክትዓግቶ ኣይከኣልን እዩ። ክታበት፡ ንነኣሽቱ ህጻናት ካብ ረኽሲ ሮታ ቫይረስ ትከላኸለሉ እቲ ዝበለጸ ውጺኢታዊ መንገዲ እዩ።

## ክታበት ይከላኸል እዩ

ንኣሽቱ ቈልዑ ንጉድለት ጠሊ ኣካላት ተኣፈፍቲ ስለ ዝኾኑ፡ ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞይ ክልተ ዓመት ዕድመ እቲ ቈልዓ ካብ ረኽሲ ሮታ ቫይረስ ክትከላኸለሉ ኣገዳሲ እዩ። ክታበት ጸረ ሮታ ቫይረስ ካብ ከቢድ ሕማም ጽቡቕ መከላኸሊ ይህብ እዩ።

## ክታበት ብኸምዚ ዝስዕብ ይትግበር

### ቅድሚ እቲ ክታበት

ነታ ኣብ ክንክን ጥዕና ቈልዑ እትሰርሕ ኣላዪት ሕሙማት (barn-hälsovårdssjuksköterska) ውላድካ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ጥዕንኡ ከመይ ከም ዘሎ ሓብራ። ሕቶታት ሕተት ሓሳብት ምስ ዝህልወካ ድማ ንገረና።

### እቲ ክታበት

እቲ ክታበት ኣብ ኣፍ ከም ነጠብጣብ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ምቁር ጣዕሚ ኣለዎ። ቀዳማይ ክታበት እቲ ህጻን ወዲ ሽዱሽተ ሰሙን ምስ ኮነ ይወሃብ። ካልኣይ ክታበት እቲ ህጻን ወዲ ሰለስተ ወርሒ ምስ ኾነ፡ ናይ መወዳእታ ክታበት ድማ እቲ ህጻን ወዲ ሓሙሽተ ወርሒ ምስ ኮነ ይወሃብ። እቲ ክታበት ምስ ካልኦት ክታበታት ኣብ ሓደ እዋን ክወሃብ ይኽእል እዩ።

### እቲ ክታበት ተዋሂቡ ምስ ተወድኣ

እቲ ክታበት ትሕዝቶ ዝተዳኸሙ ሮታ ቫይረስ ስለ ዘለዎ፡ እቲ ህጻን ድሕሪ ክታበት ንረኽሲ ሮታ ቫይረስ ዘዘኻኽር ፈኵስ ምልክታት ሕማም ክገብረሉ ይኽእል እዩ። እቲ ቈልዓ ንግዚኡ ቀጢን ቀልቀል፡ ንፋስን ቃንዛ ከብድን ክገብረሉ ይኽእል እዩ። ውላድካ ክታበት ድሕሪ ምውሳዱ ዘላ ሰሙን ጥዕንኡ ከመይ ከም ዘሎ ብዝያዳ ኣስተብህለሉ ኢኻ።

FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN 2023 ARTIKELNUMMER 23174-6

## ድሕሪ ክታበት ነዚ ዝስዕብ ኣስተብህለሉ ኢኻ

ልክዕ ከም ካልኦት መድሃኒታት እዚ ክታበት እውን ጐድናዊ-ሳዕቤን ከስዕብ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ቈልዑ ዝኾነ ምልክት ሕማም ኣይክገብረሎምን እዩ። ንገሊኦም ቈልዑ ንግዚኡ ቀጢን ቀልቀልን ምናልባት ቃንዛ ከብድን ይገብረሎም።

ኣዚዩ ሳሕቲ ዝርኣ ጐድናዊ-ሳዕቤን እቲ ምጥንጣን መዓናጡ (tarminvagination) ዝብሃል ኮይኑ፡ ምቕርቃር ምዓናጡ እዩ። እዚ ኲነት እቲ ቈልዓ ክታበት ከይተዋህበ እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ውላድካ ክታበት ጸረ ሮታ ቫይረስ ድሕሪ ምውሳዱ ምጥንጣን መዓናጡ ንኸጋጥሞ ዘሎ ተኽእሎ ኣዚዩ ትሑት እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ቈልዓ እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ከርኢ ከም ዝኽእል ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ቈልዓ ዝደኸመ፡ ቃንዛ ዘለዎ፡ ክበኪ ወይ ምኒን ክብልን ዘስገለ ክመስልን ይኽእል እዩ። ምስ ቀልቀል ደም ወይ ልፋጭ ክወጽእን፡ እቲ ቈልዓ ዕግርግር ክብሎን ከምልሶን እውን ይኽእል እዩ። እቲ ቃንዛ ጸጸኒሑ ክመጽእን ክኸይድን ይኽእል እዩ።

ውላድካ ገለ ካብቲ ምልክታት ሕማም ምስ ዘርኢ፡ ምእንቲ እቲ ቈልዓ ሕክምና ክረክብ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከዱ ኣለኩም።

## ብዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ኩሉ ግዜ ምስ ናትካ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ሽወደን መደብ-ክታበታት

ክታበት ጸረ ሮታ ሓደ ክፋል ናይ ኣብ ሽወደን ዝወሃብ መደብ ክታበት እዩ። ኣብዚ ታሕቲ፡ ንኹሎም ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ ቈልዑ ካብ ከበድቲ ሕማምት ንምክልኻል ንኽኽተብዎም ዕድል ዝወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣለኻ።

